## ኣብ "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ዝተፈፀመ ሕገ መንግስታዊ ጥሕሰት ዝምልከት ዝተመሓላለፈ ውሳነ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 03/2011

---

### መእተዊ

ብሄራት፣ ብሄረ-ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብዘካየድዎ ሓበራዊ ቃልሲ ንዘበናት ኣብ ልዕሊ መንነቶም፣ እምነታቶምን ባህሎምን ተፃዒኑ ዝነበረ ውልቀ መላኺን ጨፍላቒ ስርዓት ትምክሕትን ብምልጋስ፣ ብግዱስ ባህሪ እተቶእናግድ ሃገር ንምህናፅ ዘኽእሎም ሕገ መንግስታውን ዲሞክራስያውን ስርዓት ፌደራሊዝም ተኺሎም፣ ንልዕሊ ዕስራ ዓመታት ኣብ ሓድነትን ምክብባርን ዝተመስረተት ሃገር መስሪቶም ኣብ ስራሕቲ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ልምዓት፣ ሰላምን ዲሞክራስን እንፀባረቕቲ ዓወታት ኣመዝጊቦም እዮም፡፡

ኮይኑ ግና ካብ ዝሓለፉ ሰለስተ/ኣርባዕተ ዓመታት ጀሚሩ ንሕገ መንግስታዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ብዘዳኽም መንገዲ ኣብ ብዙሓት ክባቢታት ሃገርና ሰፊሕ ጥሕሰት ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት እናተፈፀመ ምምፅኡ ስዒቡ ኣብ 5ይ ዘመን መበል 12 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ልዕልነት ሕገ መንግስቲ ክኽበር ወሲኑ ፃውዒት ከም ዘቕረበ ይዝከር፡፡

ካብ ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ጀሚሩ ኣብ ዜጋታት ክበፅሕ ዝፀንሐ ሰፊሕ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል መንግስቲ ፌዴራል ኮነ ዝምልከቶም ክልላት ልዕልነት ሕጊ ናይ ምኽባር ግቦኦም ከምፅኡ ብዘይ ምኽኣሎም ኩነታት ሰላምን መርጋጋዕን ሃገርና በቢ መዓልቱ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ይሰጋገር ከም ዘሎ ምግንዛብ ይከኣል፡፡

ዝተፈጠሩ ፀገማት ልዕልነት ሕጊ ብምኽባር ኣብ ክንዲ ምፍታሕ "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ብዝብል ስያመ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዝወፀ ሕጊ ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ብግልጺ ዝተደንገጉ መትከላት ዝጥሕስ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ኣብ መንጎ ብሄራት፣ ብሄረ-ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዝተፈጠረ ኣብ ብዝሃንት ዝተመስረተ ሕበረ ብሄራዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ዘፍርስ ከምኡ

ቤት ምኽሪ ክልል ... The State Council of Tigray

እውን ሕድ ሕዳዊ ምጥርጣርን ጎንፅን ዝፈጥር ከም ዝኾነ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ብፅኑዕ ይኣምን፡፡

ብመሰረት ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ (1 ክሳብ 2) ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ንሕገ መንግስቲ ዝፃባእ ሕጊ፣ ልማዳዊ ኣሰራርሓ፣ ውሳነ መንግስታዊ ኣካል ወይ በዓል መዚ ተፈፃምነት ዘይብሉ ከም ዝኾነን ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ሕገ መንግስቲ ከኽበር ከገብሩን ንሕገ መንግስቲ ክግዝኡ ከም ዝግባእን ብግልፂ ይድንግግ፡፡

ብመሰረት ዓንቀፅ 50 ንኡስ ዓንቀፅ (3) ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ከምኡ እውን ዓንቀፅ 8 ንኡስ ዓንቀፅ (2) ሕገ መንግስቲ ብ/ክ/መ/ትግራይ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንህዝቢ ትግራይ ብምውካል በዓል ዋና ዝልዓለ ስልጣን መንግስቲ ትግራይ ኮይኑ ከም ኣካል መንግስቲ ብመሰረት ድንጋገታት ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ (1)፣ ዓንቀፅ 13 ንኡስ ዓንቀፅ (1)፣ ዓንቀፅ 52 ንኡስ ዓንቀፅ (2/ሀ) ሕገ መንግስቲ ናይ ምሕላው፣ ናይ ምኽባርን ከኽበር ናይ ምግባርን ሕገ መንግስታዊ ግቡእን ሓላፍነትን ኣለዎ፡፡

ስለ ዝኾነ ኣብ 5ይ ዘመን መበል 14 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ሕገ መንግስታውነት "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ዝምልከት ኣብ ኣጀንዳ ተኻቲቱ ምይይጥ ክገበረሉ ብኣባላት ቤት ምኽሪ ብመልክዕ ሞሽን ቀሪቡ ብምሉእ ድምፂ ስለ ዝተደገፈ፤

ብመሰረት ደንቢ ኣሰራርሓን ስነ ምግባርን ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 58/2002 ዓ.ም ዓንቀፅ 26 ንኡስ ዓንቀፅ 1 ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ኣብ "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ዝተፈፀሙ ሕገ መንግስታዊ ጥሕሰታት ከም ዝስዕብ ብዝርዝር ተመያይጥሉ እዩ፡-

## 1. ሕቶ መንነት ዝምልከት

ሕቶ መንነት መሰረታዊ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ምዃኑ ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ብግልፂ ተደንጊጉ ኢዩ። ሕገ መንግስትናን ስዒቦም ዝወፁ ዝርዝር መፈፀሚ ሕግታትን ኣቀራርባ ሕቶ መንነት ዝምልከት ዘቐመጥዎ መትከልን ስነ ስርዓትን እውን ኣገዳሲ ግልፂ እዩ። ሕቶ መንነት ካብ ዝምልከቶ ህዝቢ ወፃኢ ብኻሊእ

ዝኾነ ኣካል ክቐርብ ኣይኽእልን። ሕቶ መንነት እለኒ ዝብል ብሄር፣ ብሄረ-ሰብ፣ ህዝቢ ብመሰረት ዝተቐመጠ ሕግን ስርዓትን ባዕሉ ብዝወከሎም ሰባት ሕቶ ይልዓሉ። ኣብ ዘሎ ክልል ናብ ዝርከብ ቤት ምኽሪ ተወኪሉ ህዝቢ ክቐርብ ይግባእ፡፡ ካብዚ ወፃኢ ዝኾነ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ኣካል፣ ኮሚሽን፣ ጉጅለ፣ ነባሪ ካልእ ከባቢ ዝኾነ ሰብ ወዘተ ንቶም ሰብ ዋና ብምትካእ ሕቶ መንነት ዘልዕለሉ ሕጋዊ መሰረት የብሉን፡፡ ኣብ ዓንቀፅ 39 ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዝተቐመጠ መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ስልጣን መንግስቲ ዘይኮነስ መሰል ብሄር፣ ብሄረ-ሰብ፣ ህዝቢ ጥራሕ ምዃኑ ብግልፂ ተደንጊጉ እዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ንምጥንኻርን ንምዝርዛርን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 251/1993 ዓንቀፅ 19 ንኡስ ዓንቀፅ (1) እውን ከም ዝስዕብ ይድንግግ፡-

> *ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረ ሰብ፣ ህዝቢ መንነተይ ኣይተኸበረለይን፣ መሰል ዓርሰ ምምሕዳረይ ተሸራሪፉ፣ ቋንቋይ፣ ባህለይን ታሪኸይን ንምምዕባል ኩነታት ኣይተመቻቸወለይን፣ ብሓፈሻ ኣብ ፌዴራላዊ ሕገ መንግስቲ ዝተደንገገ መሰለይ ኣይተኸበረለይን ወይ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ኣድልዎ ተፈፂሙኒ እዩ ዝብል እምነት እንተሓዲርዎ ደረጅኡ ሓልዩ ሕትኡ ናብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ክቕርብ ይኽእል፣ ይብል፡፡*

በዚ መሰረት ኣብ ዝኾነ ክልል ዘይተመለሰ ሕቶ መንነት እለና ወይ በደል በፂሑና ዝብሉ ሰባት እንተሃልዮም እቲ ሕቶ ብሓቂ ናይ ህዝቢ ምዃኑ ክምኡ እውን ሕቶ ዘቕርቡ ወኪላት ብትኽክል ብህዝቢ ዝተወከሉ ምዃኖም ተረጋጊፁ፣ ፈለማ ናብቲ ዝነብሩሉ ክልል ሕቶኦም ክቕርቡ ይግባእ። ካብዚ ወፃኢ ዝኾነ ኣካል "ኣነ ይፈልጠልካ" ብዝብል ሕቶ መንነት ክቕርብ መሰል ይኹን ስልጣን የብሉን።

ካብዚ ብተወሳኺ ንዝልዓል ሕቶ መንነት ሪኢ ውሳነ ምሃብ ቀዳማይ ብርኪ ስልጣን ኣብያተ ምኽሪ ክልላት ምዃኑ ኣብ ዓንቀፅ 39፣ ዓንቀፅ 52 ንኡስ ዓንቀፅ (2/ሀ) ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ክምኡ እውን ነዚ ስዒቡ ኣብ ዝወፀ ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ንምጥንኻርን ንምዝርዛርን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 251/1993 ብግልፂ ተደንጊጉ እዩ።

እንተኾነ ግና ኣብ "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ብግልፂ ተቐሚጡ ከም እንረኦ ሕቶ መንነት ዝቐርብ ብዝምልከቶ ብሄር ወይ ብሄረሰብ ዘይኮነስ እቲ ኮሚሽን ንመንግስቲ ፌዴራል ወኪሉን ንሰብ ዋና ተኪኡን ሕቶ መንነት ከቕርብ ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ዝምልከቶ ቤት ምኽሪ ሕቶ ዝተላዓለሉ ክልል ነቲ ዋኒን ከይርኣዮን ውሳነ ከይሃበሉን እቲ ሕቶ ናብ መንግስቲ ፌደራል ክኣቱ ዝገብር እዩ፡፡ እዚ ማለት መሰል ህዝቢ ብኮሚሽን ዝትክእ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ክልላት እውን ዘሕድግ እዩ፡፡

## 2. ሕቶ ወሰን ዝምልከት

ኣብ መንጎ ክልላት ዝህሉ ሕቶ ወሰን ናብ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ቅድሚ ምቕራቡ ዝምልከቶም ክልላት ተስማዕሚዖም ክፈትሕዎ ከም ዝግባእ፣ ተረዳዲኦም ክፈትሕዎ እንተዘይክኢሎም ግና ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ብመሰረት ኣሰፋፍራን ድሌትን ህዝቢ ውሳነ ክህበሉ ከም ዘለዎ ኣብ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ብግልፂ ተደንጊጉ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ መንጎ ክልላት ዝህሉ ሕቶ ወሰን ክልላት ተስማዕሚዖም ክፈትሕዎ ክፍትኑ ከም ዝግባእ ሕገ መንግስታዊ ቅድመ ኩነት ስለ ዝኾነ ክዝለል ዘይኽእል ስነ ስርዓት እዩ።

እንተኾነ ግና ኣብ "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ኣብ መንጎ ክልላት ክግበር ዝግብኦ ዘተ ዘሊሉ እቲ ሕቶ ብኢድ ኣእታውነት ፌዴራል መንግስቲ ክውዳእ ዝፈቅድ ስለ ዝኾነ ብግልፂ ንሕገ መንግስቲ ዝፃባእ እዩ፡፡

ኣብ መንጎ ክልላት ዘሎ ወሰን ኣብቲ ኣዋጅ ተቐሚጥሉ ብዘሎ ኣገላልፃ "ወሰን ምምሕዳር (የአስተዳደር ወሰን)" ዘይኮነስ ብኣገላልፃ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዓንቀፅ 2፡- "ወሰን ኣባላት ፌዴራል"፣ ወይ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ (1)፡- "ወሰን ክልላት" ብዝብል እዩ ክግለፅ ዝግብኦ ነይሩ፡፡ ምኽንያቱ ክልላዊ መንግስታት ምምሕዳራት ኣይኮናን፡፡ ኣብቲ ኣዋጅ ዘሎ "ወሰን ምምሕዳር" ዝብል ኣገላልፃ ግና ንሕገ መንግስታዊ ስርዓት ፌዴራሊዝም ዝፃባእ ኮይኑ ንክልላዊ መንግስታት ከም ኣባላት ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዘይኮነስ ብኣተሓሳስባ ኣሃዳዊ ስርዓት ከም ምምሕዳራት ማእኸላይ መንግስቲ ገይሩ ዝቖፅር ኣረዳድኣን መልእኽትን ዝሓዘ እዩ፡፡ ነዚ ድማ እዩ እቲ ዝተጣየሸ ኮሚሽን

ተፀዋዕነቱ ናብ ቀዳማይ ሚኒስትር ኮይኑ ንሕገ መንግስታዊ ስልጣን ክልላዊ መንግስታት መንጢሉ ክስርሕ ሓላፍነት ተዋሂብዎ ዘሎ፡፡ ስለዚ ኣብዚ ኣዋጅ ተቐሚጡ ዘሎ ኣገላልፃን ዝተሰከሞ ኣሃዳዊ ኣተሓሳስባን ንሕገ መንግስታዊ ስርዓት ፌደራሊዝም ዝግባእ ሓደገኛ ኣካይዳ እዩ፡፡

## 3. ስልጣን ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ዝምልከት

ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ስልጣን ምትርጓም ሕገ መንግስቲ ዘለዎ ኮይኑ ብኽልላት ክፍትሑ ዘይክኣሉ ሕቶታት መንነትን ወሰንን ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝህብ ኣካል መንግስቲ እዩ፡፡ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ሕገ መንግስታዊ ስርሑን ሓላፍነቱን ንምፍፃም ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ክጣይሽ ኣብ ዓንቀፅ 62 ንኡስ ዓንቀፅ (2) ግልፂ ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ዝተውሃቦ ኮይኑ፣ እዚ ጉባኤ ብመሰረት ዓንቀፅ 84 ሕገ መንግስታዊ ጉዳያት ብምፅራይ ትርጉም ዘድልዮም ፈልዩ ውሳነ ሓሳብ ናብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ከቕርብ ስልጣን ኣለዎ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ብመሰረት ዓንቀፅ 62 ንኡስ ዓንቀፅ (10) እዚ ሕገ መንግስቲ ዝተፈላለዩ ቀወምትን ግዚያውን ኮሚቴታት ክጣይሽ ስልጣን ከም ዘለዎ ብግልፂ ተደንጊጉ እዩ፡፡ ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ዝኣተዉ ሕቶታት መንነትን ወሰንን ንምውሳን መፅናዕቲ ካብ ምክያድ ጀሚሩ ክሳብ ውሳነ ሓሳብ ምቕራብ ዝንጥፉ ኮሚቴታት ክጣይሽ ዝኽእል እቲ ቤት ምኽሪ ጥራሕ እዩ፡፡ ተፀዋዕነት ዝኾነ ዝጣየሸ ኮሚቴ ድማ ናብቲ ቤት ምኽሪ እዩ፡፡ ክሳብ ሐዚ እውን ብመሰረት ዝተቐመጠ ሕግን ስርዓትን ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዝተልዓሉ ሕቶታት ወሰንን መንነትን ውሳነ እናሃበ መጺኡ እዩ፡፡

እንተኾነ ግና በቲ ኣዋጅ ዝተጣየሸ ኮሚሽን ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ንሽሙ እኳ ዘይፍለጥ ኮይኑ ንሕገ መንግስታዊ ስልጣን ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ኮነ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ዝምንጥል ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ከምዚ ዝበለ ኣዋጅ ክርቅቕ ኮነ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክዕድቕ ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ኣይብሎምን፡፡ ምኽንያቱ መንግስቲ ፌዴራል ብመሰረት ዓንቀፅ 51 ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዝተውሃቦ ስልጣን ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዓንቀፅ 55፣ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ድማ ኣብ ዓንቀፅ 77 ዝተውሃብዎም ስራሕን ሓላፍነትን ጥራሕ እዮም

ፍፅሙ ዝኸእሉ፣፣ ኣብዚዎም ሕገ መንግስታዊ ድንጋገታት ግና ንምጥያሽ እዚ ኮሚሽን ዘምልከት ሓንቲ ቃል እውን የላን፣፣

ብልዚ እዚ ኣዋጅ ዋኒናት መንነትን ወሰንን ደረጃኡ ሓልዩ ናብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንንትሓልፍ እቲ ቤት ምኽሪ ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ፣ ዝምልከቶ ቀዋሚ ወይ ግዚያዊ ኮሚቴ ተጠቒሙ ናፅነቱ ሓልዩ ውሳነ ክህብ ዝተቐመጠ ሕገ መንግስታዊ ስነ ስርዓት ጥሒሱ ተፀዋዕነቱ ናብ ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ዝኾነ ኮሚሽን ኣብ ትርጉም ሕገ መንግስቲ ኢዱ ክእትው ዝፈቅድ ስለ ዝኾነ፣ ብቕሉዕ ሕገ መንግስቲ ጥሒሱ ኣብ መንጎ ኣካላት መንግስቲ ዝተቐመጠ ሕገ መንግስታዊ ክፍፍል ስልጣን ዘፍረሰ እዩ፣፣

## 4. መጠቓለሊ

ብድምር ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ኣብ ሕገ መንግስታዊነት "መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ወሰን ምምሕዳርን ዋኒናት መንነትን" ዝምልከት ሰፊሕ ምይይጥ ድሕሪ ምክያዱ እዞም ዝስዕቡ ጥሕሰታት ሕገ መንግስቲ ክም ዝተፈፀሙ ንምግንዛብ ክኢሉ እሎ፣፣

መንግስታዊ

ሀ) ሕገ መንግስቲ ብሕጋዊ መንገዲ ከይተመሓየሸ እንተሎ ንሕገ መንግስታዊ

ድንጋገታት ብኣዋጅ ዝስዕር ክም ዝኾነ፣

ለ) ንወሰን ክልላዊ መንግስታት ብኣተሓሳስባ ኣሃዳዊ ስርዓት ክም ወሰን ምምሕዳራት

ማእኸላይ መንግስቲ ገይሩ ዝርኢ ምኻኑ፣

ሐ) እቲ ኮሚሽን ንሕገ መንግስታዊ መሰልን ስልጣንን ብሄር፣ ብሄረ-ሰብ፣ ህዝቢ ተኪኡ

ሕቶ መንነትን ወሰንን ክልዕል ዘይሕጋዊ ስልጣን ዝተውሃቦ ምኻኑ፣

መ) ኣብያተ ምኽሪ ክልላዊ መንግስታት ንሕቶ መንነት ክውስና ዝተውሃበን ሕገ

መንግስታዊ ቀዳማይ ብርኪ ስልጣን ሙሉእ ብሙሉእ ዘሕድግ ምኻኑ፣

ረ) ኣብ መንጎ ክልላዊ መንግስታት ዝፍጠር ሕቶ ወሰን ባዕለን ብምርድዳእ ነቲ ፀገም

ክፈትሕኦ ዝተውሃበን ቀዳማይ ብርኪ ስልጣን ሙሉእ ብሙሉእ ዝመንጠለ ክም

ዝኾነ፣

ሰ) ንቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ንጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስትን ዝተውሃበ ሕገ

መንግስታዊ ስልጣን ዘሕደገ ምኻኑ፣

ሸ) ኣብ መንጎ ኣካላት መንግስቲ ዘሎ ክፍፍል ስልጣን ዘፍርስ ምኻኑ፣

ቀ) ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኮነ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ነዚ ኣዋጅ ከርቅቑን ከፅድቑን ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ዘይብሎም ምዃኑ፣

## 5. ውሳነ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ

ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዝልዓሉ ሕቶታት መንነትን ወሰንን ኣብ ምፍታሕ ዝርአ ፀገም ብመሰረት ዝተቐመጠ ሕግን ስርዓትን ስለ ዘይሰራሕ እምበር ሕጊ ስለ ዘይነበረን ዘየለን ኣይኮነን፡፡ ስለዚ እዚ ኣዋጅ ሃገርና ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣጋጢምዋ ዘሎ ስእነት ሰላም፣ ጥሕሰት ሕግን ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዘጋድድን ናብ ዝኸፍአ ሕድ ሕዳዊ ምጥርጣርን ጎንፅን ከእቱ ዝኽእልን ስለ ዝኾነ፡-

1) ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ንዝተፈፀመ ጥሕሰት ሕገ መንግስቲ ትርጉም ክህበሉ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ፃውዒቱ የቕርብ፡፡
2) ብሄራት፣ ብሄረ-ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ፣ ክልላዊ መንግስታት ከምኡ እውን ዝምልከቶም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት እዚ ኣዋጅ ከምፅኦ ዝኽእል ሓደገኛ ውፅኢት ብዝግባእ ተገንዚቦም ብቕልጡፍ ክእረም እጃሞም ከበርክቱ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ፃውዒቱ የቕርብ፡፡
3) ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብ/ክ/መ/ትግራይ ኣብቲ ኣዋጅ ንዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሕገ መንግስቲ ብዝርዝር ሪኡ ሕቶ ትርጉም ሕገ መንግስቲ ናብ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ከቕርብ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መ/ትግራይ ወሲኑ እሎ፡፡

5ይ ዘበን መበል 14 ስሩዕ ጉባኤ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ጥሪ 17/2011

መቐለ

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
The State Council of Tigray